# ኣብ መንደቕ ዝተለጠፈ ስእሊ እቶም ዝተሰወሩ

## (ቀዳማይ ክፋል)

*ብቛንቛ እንግሊዝ ብ ዘከረ ሌቦና ዝተጻሕፈ፡ ናብ ትግርኛ ብ መሰለይ ዝተተርጎመ*




*ድፍእ ኢሉ፡ ኣብ እግሪ እቲ ሓራዲ*
*ኢለዮ “ወደይ”፡ ኢለዮ‘ውን “መርዓድየይ”*
*እንታይ ክገብር ኢልኩምኒ፡ ኩሉ ተሓዋዊሱኒ*
*መን’ዩ እቲ ጅግና፡ መን‘ዩ ኸ እቲ ቀታሊ፡*
*ግና’ኸ…እወ…ግና’ኸ*
*ክንድየናይ እሞ ከይግሃድ፡ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት…*

…*ኢሳ ኔራ ሩስያዊት ሓና ኣክሞቶቫ* ኣብ 1937፡ *ነቲ ሓጺናዊ መግዛእቲ ስታሊን ንምግላጽ*

## ኣብ መንደቕ ዝተለጠፈ ስእሊ እቶም ዝተሰወሩ

ኣብ ኣስመራን ካልኦት ንኣሽቱ ከተማታት ኤርትራን ዝነብር ህዝቢ፡ በቶም ዝተሓብኡ ኣጽዋራትን ሰነዳትን ክናድዮ ኢሎም በብእዋኑ ፍተሻ ዘካይዱ ዝነበሩ ወትሃደራት ደርጊ፡ ቤቱ ብቀጻሊ ይፍተሽ ከም ዝነበረ ብሰፊሑ ዝዝከር እዩ። እታ ስድራቤት ትበሳጮ፡ ነቲ ዝኸፍኤ ድማ ትጽቢት ትገብር። ወትሃደራት ደርጊ ተብተብ እንዳበሉ ፍተሻኦም ኣብ ዘካይድሉ እዋን፡ እቶም ኣብታ ቤት ዝጸንሕዎም፡ ወለድን ንኣሽቱ ህጻናትን ጥራይ ምኻኖም ይግንዘቡሞ፡ ነቲ ኣብ መንደቕ ዝተለጠፈ ስእልታት ናይታ ቤተሰብ ድሕሪ ምርኣይ፡ ብኡ ንብኡ ኣብቲ ስእሊ ዘለው እቶም ዝዓበዩ ደቂ እታ ስድራ ኣበይ ከምዘለው የጣይቑ። ከምዚ ኸኣ ይብሉ፡ *“እነዚህ ጎፈሬዎች የት ኣሉ፧”*፡ ማለት “እዞም ጎተና ጸጉሮም ኣበይ ኣለው፧” ክብሉ የጣይቑ። እታ 6 ወይ 7 ዝኣባላታ ናይ 70ታት ኤርትራዊት ቤተሰብ ድማ፡ ነዚ ክምልስ ዝኽእል ኣብ ቀረባ ዝጸንሑ ቃላት ክህልውዋ ይግባእ። ምሕረት ይሃቦም እንተኾነ፡ ማእሰርቲ ሳሕቲ ዘጋጥም ተርእዮ እዩ ኔሩ።

ህዝባዊ ግንባር ቀስ ብቀስ ንግመል በተን ማርቾደስ ዝዓይነተን ጽኑዓትን ውሕስነት ዘለወንን መካይን ክትክእን ምስ ጀመረት፡ *ተጋደልቲ ድማ ነተን ማርቾድስ ሓዴታት* ክብሉ ጸውዕወን። ኣዴታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ እተን ኣብ ገጠራት ዝነብራ፡ ብጽንዓተንን ልውሃተንን ‘የን ብሰፊሑ ዝልለያ። እቲ ጨቛኒ ኣተሓሕዛን ኣሰራርሓን ህዝባዊ ግንባር ብዘየገድስ፡ እቲ ተቀባል-ጋሻ ዝኾነ ቤተን ግን፡ ንዝብላዕ እንጌራ ይኹን ንኻልኦት ኣድለይቲ ነገራት፡ ንተጋደልቲ ኩል ግዜ ክፉት እዩ ኔሩ። እዚ፡ ካብቲ ኣብ ደቀን ዘለወን ክቱር ፍቕሪ ተበጊሰን ዝፍጽሞኦ ሰናይ ተግባራት እዩ። *ደቅና ኢለን* ይጽውዓኦም ኔረን። ይድግፍኦም ድማ ብዘይ ቅድመ-ኹነት፡ ዋላ‘ኳ ኣብቲ ንሶም ዝኽተልዎ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዝኾነ ዓይነት ኣፍልጠ እንተ ዘይነበረን። ብመጠን ፍርሓት እዝግኣብሄር፡ ነቶም ብረት ዝዓጠቁ ደቀን ፈሪሐንኦምን ኣኽቢረናኦምን። ኣብ መብዛሕቱእ እዋናት ድማ፡ *“ብርክኹም ይጽናዕ እዞም ደቀይ”* ክብላ መሪቐናኦም።

# ትዕድልቲ እቶም ዝተሰወሩ

ድሕሪ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት፡ ኣብ መዓልቲ *ክዳነ ምህረት*፡ ገለ ካብቶም ስእሎም ኣብቲ መንደቅ ዝተለጠፈ፡ ምስቲ ናይ ሽዑ ዕውት ወትሃደራዊ ሓይሊ ተጸንቢሮም ናብ ቤቶም ተመልሱ። ስድራቤቶም ድማ፡ ብዕልልታን ሓጎስን ተቀበልዎም። ካልኦት ግን፡ ኣብቲ ዝርዝር ፍጹም ኣይተጠቕሱን። ብዙሓት ስድራቤታት ድማ፡ ሃለዋቶም ንምፍላጥ ዘይበጽሕዎ ቦታን ዘየማኸርዎ ሰብን የለን።

እቲ ስርዓት ብወገኑ፡ ናይ ስውኣት ወረቐት ምስክር ንስድራቤቶም ብመገዲ ቀበሌን ምምሕዳር ዓድን ዓዲሉ እዩ። ብኡ ንብኡ ድማ፡ ብዙሓት ስድራቤታት ነቶም ካብቲ ስርዓት ዝተቀበልዎም ናይ ስውኣት ወረቐት ምስክር፡ ኣብ ጎኒ እቶም ናይ ቀደም ጻዕዳን ጸሊምን ስእልታት ብኽብሪ ጠቅዕዎም። ብዛዕባ እቶም ኣብቲ ዝርዝር ዘይተጠቕሱ ግን፡ እቲ ስርዓት ፍጹም ስቕታ ንኽነግስ ኣገዲዱ። ገለ ስድራ ቤታት ግን፡ ስቕ ክብሉ ኣይመረጹን። ሃለዋት ደቆም ንምፍላጥ፡ ፍርሒ ኣወጊዶም ሓያል ጻዕሪ ኣካይዶም። ጻዕርታቶም ግን ኸንቱ ኮይኑ ደኣ ረኺብዎ።

ሓደ እዋን፡ ብኣጋጣሚ እቲ ዓመታዊ ዘካይዶ ዝነበረ "ርክብ መንግስትን ህዝብን" ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣኼባ፡ ዲክታቶር ኢሰያስ *"ድሕሪ ሕጂ ብዛዕባ 'ዚ ክሰምዕ ኣይደልን እየ። እቲ ጉዳይ መዕጸዊ ተጌሩሉ እዩ"* ክብል ነቲ እኩብ ህዝቢ ነዲሩ ከም ዝመለሰሉ ብሰፊሑ ዝዝከር እዩ። ጸኒሑ'ውን ሓደ ደሓን ዝኾነ ተሰማዕነት ዘለዎ ስድራቤት፡ ብዛዕባ ዝተሰወረን ደሃይ ዘይርከቦን ውልዶም፡ ምስ ነፍሲሄር ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ተዘራሪቦም ከም ዝነበሩ ብሰፊሑ ይንገር። እቲ ዓሊ ሰይድ ዝሃቦም መልሲ ግን፡ *"ብዛዕባ ጉዳይ ውልድኩም እንተ ረሳዕኩሞ ይሓይሽ"* ዝብል ምኽሪ እዮ ለጊሱሎም። በዚ እምበኣር፡ ብዙሓት ኣዴታትን ስድራቤታትን፡ ሰማዒ ኣውያት ዘይርከቦ፡ ክሳብ ዛ ስዓት እዚኣ ኣብ ከቢድ ሓዘን ተዘፊቖም ንረኽቦም።

ኣብ መብዛሕትኡ ኣጋጣምታት፡ እቶም ነቲ ምስጢራዊ ኣጠፋፍኣ እቶም ግዳያት ኣጸቢቖም ዝፈልጡ ተጋደልቲ፡ ኣፎም ክዓጽው እዮም መሪጾም። እቶም ኣብ ገጠራት ዝነብሩ ሓረስቶት ግን፡ ብዛዕባ ጨካን ኣሰራርሓ ህዝባዊ ግንባር ኣፍልጦ ዘይብሎም የዋሃት ኣይኮኑን። እቲ ምንታይ ሲ፡ ብዙሓት ካብኣቶም፡ ብኣባላት *ክፍሊ ህዝቢ* ተተመንጢሎም ክስወሩ ብዓይኖም ስለ ዝረኣዩ። እዚ *ክፍሊ ህዝቢ* ተባሂሉ፡ ኤርወልያዊ መጸውዒ ዝተጠመቀ ኣሃዱ፡ ናይ ህዝባዊ ግንባር ናይ ጸጥታ መሓውር ኮይኑ፡ ይዋእ እቶም ኣብ ኢድ እዚ ኣሃዱ'ዚ ዝወድቁ መሳኪን ሓረስቶት። ብዙሓት ካብኣቶም ንኽስወሩ ተጌሮም እዮም። ገለ ድማ፡ ተጨውዮም ናብ *ደጀን* ሳሕል ተወሲዶም። ኣብኡ ከኣ፡ ከቢድ ናይ ጉልበት ስረሓት ንኽሰርሑ ዝተፈርዶም እዮም።

ኣብ ዓዲ ሓውሻ ዘጋጠመ ተርእዮ፡ ኣብዚ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ሓደ እዋን፡ ኣስማት ናይቶም ዝተሰውኡ ንምንጋር ተባሂሉ፡ ብካድረታት ህዝባዊ ግንባር ኣኼባ ተጸዊዑ። ዝርዝር ኣስማት ተጠቒሱ ምስ ተወድአ ኸኣ፡ እቶም ሓረስቶት ኣዝዮም ተበሳጨው። ከምዚ ክብሉ ኸኣ ሓተቱ፡ *"ንሕና እዚኦም ጥራይ ኣይኮናን ንበረኻ ዘፋነና"* በልዎም ነቶም ካድረታት እንዳነደሩ። እቶም ካድረታት ትቕብል ኣቢሎም *"ህዝባዊ ግንባር ኣብ ልዕሊ ገበን ዝፈጸሙ ተጋደልቲ'ውን ናይ ሞት ስጉምቲ ከም ዝወሰደ ክትፈልጡ ይግባእ"* ዝብል ሓጺር መልሲ ሃብዎም። በዚ ኸኣ ብዙሓት ስድራቤታት ኤርትራ፡ ብሕት ኢሎም ንኽበኽዩን ንክሓዝኑን ተገዲዶም። ስድራቤት እቶም ግዳያት፡ ኣብ ከተማ ዝነብሩ

ይኹኑ ኣብ ገጠር ዝነብሩ ሓረስቶትት፡ በዚ ተርእዮ’ዚ ክህደዱን ክፈርሑን ክለው፡ እታ ተጋዳሊት ህዝባዊ ግንባር ዝነበረት ጓል ቀሺ ግን ፍጹም ድምብርጽ ኣይበላን።

ጸብጻባት ከም ዝሕብርዎ፡ ንጓል ቀሺ ናይ ቀረባ መቅርባ ብኸምዚ ኣገባብ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝተሰወሩ እዮም። ጓል ቀሺ ነቲ ጨካን ልምድን ኣሰራርሓን ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ትሒቲኡ ከላ ስለ ብቀረባ ዝተዓዘበቶ፡ ናይ ኣቤቱታ ደብዳቤ ናብቲ ግንባር ክትጽሕፍ ኣድላዩ ከም ዘይኮነ ብግቡእ ተረዲኣቶ እያ። ሽው እያ እምበኣር፡ ሕነ ክትፈዲ ዝመረጸት። ኣብ ዳሕረዎት ዓመታት ናይ 90ታት፡ ኢራብ ዝብል ሳጓ ተቀኒታ፡ ጓል ቀሺን ዓስከራን ኣብ ከባቢ ቆላ ሰራየ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስርሓቶም የካይዱ ኔሮም። ኣብ ሓጺር እዋን ድማ፡ ተፈራሒትን ክኢላ ደባይ ተዋጋኢትን ክትከውን በቒዓ። ጓል ቀሺ ኣብ ሳዋ ንዝተዓለሙ ወትሃደራት ፍጹም ኣይተፈትዎምን ኔራ ይበሃል፡ ይዋእ እቶም ኣብ ኢዳ ዝወደቁ ወትሃደራት ሳዋ።

ዛንታ ወዲ ሓደራ፡ ኣብታ ብኣለምሰገድ ተስፋይ ዝተጻሕፈት “ወዲ ሓደራ፡ ካብ ባድመ ናብ ሳሕል” ዘርእስታ መጽሓፍ ተዘንትዩ ንረኽቦ። ዛንታ ጓል ቀሺ ብመንጽር ዛንታ ወዲ ሓደራ ክርአ እንከሎ ግን፡ እቲ ንሳ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ምሉእ ብምሉእ በግምጣሉ እዩ። እቲ ጭካኔ ዝመልኦ ብኣካል ዝተመኮረትሉ ናይ ሜዳ ኣሰራርሓ፡ ካብ ሳሕል ንቆላ ሰራየ ክትወርድ እዩ ኣገዲድዋ። ብዛዕባ እቲ ኩሉ ንሳ ትፍጽሞ ዝነበረት ንጥፈታት ዝጽብጽቡ ዜናታት ድማ፡ ሆናት ምስ ኢትዮጵያ ምስ ተወልዓ ሕጣሞም ጠፊኡ። እዚ ውግእ ኣብ ከባቢ እቲ ንሳ እትቀሳቀሰሉ ዝነበረት ቦታ ይካየድ ስለ ዝነበረ፡ እሞ ኸኣ ዓሰርተታት ኣሽሓት ወትሃደራት ናይ ክልቲኡ ወገን ስለ ዝዓሰልዎ፡ ምናልባት ዓስከራታ እኹል መንቀሳቀሲ ቦታ ተነፊግዎም ይኸውን። ፋሕ ፋሕ ኢሎም’ውን ይኾኑ። ጓል ቀሺ ኸኣ ወይ ተሰዊዳ ወይ ድማ ተቀቲላ ትኸውን። ኣለምሰገድ ተስፋይ ብዛዕባ እታ ካብ ተጋዳሊት ናብ “ሽፍታ” ዝተቀየረት ጓል ቀሺ፡ ብጽሑፍ መልክዕ ከቅርበልና በዚ ኣጋጣሚ ይምሕጸኖ።

## ዝኸሪ እቶም ዝሞቱ

ኣብ ኤርትራ፡ ብዓይነቱ ፍሉይን ጋሻን ዝኾነ ወግዓዊ ጽምብል’ዩ ክካየድ ጸኒሑ፡ ዋላ’ኳ እቲ ስርዓት ዝፈጸሞን ዝፍጽሞ ዘሎን ዕንወት መዳርግቲ ዘይርከቦ እንተኾነ። እዚ ወግዓዊ ጽምብል’ዚ፡ ብስርዓት ኢሰያስ ይኹን፡ በቶም ዕሙታት ትሮዞኡ፡ ከምኡ‘ውን ብተቓወምቲ ወገናት ብፍሉይን ሕልፍ ዝበለን (ወይ fanatic) ብዝኾነ ኣገባብ ክዝከር ክትርእዮ ከለኻ፡ እቲ ዝፍጽምዎ ማዕረ ኸንደይ ትርጉም ኣልቦ ምዃኑ ይንጽረልካ። እዚ ወግዓዊ ጽምብል’ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ያታውያን ባህልታት ሕብረተሰብና፡ ዓብላሊ ደረጃኡ ዝዓትዓተ ይመስል። እዚ ማለት፡ ኣብ ልዕሊ እቶም በቲ ስርዓት ብቀጻሊ ክነዓቑን ክንጸጉን ዝጸንሑን ዘለውን ያታውያን ባህልታትናን ክብርታትናን፡ ከም በዓል *ተሰካርን* ካልኦት ብሩሃትን ብሕጉስ መንፈስን ዝጽንበሉ ባህሊ ሕብረተሰብና።

እዞም ያታውያን ባህልታት ሕብረተሰብና፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም፡ ማለት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራን መንፈሳዊ ስልጣን ኣቡነ ኣንጦንዮስን ቅድሚ ምምንዛዑ፡ ካብ ነዊሕ ኣትሒዞም ብዘይምቁራጽ ክጥቅዑን ክናሸውን እዮም ጸኒሖም። በንጻሩ፡ እቲ ስርዓትን ዕሙታት ቲፎዝኡን፡ ተሳትፎ ዝበዝሖ ኤርትራውያን፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ይኹኑ ኣብ ውሽጢ ዓዲ፡ ኣብ ወግዓዊ ጽንብላት እቲ ስርዓት ንኸረጋግጽ ዘየቛርጽ ዘመተ ከካይዱ ጸኒሖምን ኣለውን። እዚ ተኣማንነትን ምእዙዝነትን ንምርግጋጽ ጥራይ ተባሂሉ ዝግበር ፖለቲካዊ ጻዕሪ ኣይኮነን፡ እንኮላይ ንመምልኢ ገንዘባዊ ካዝናታት ናይቲ

ስርዓት ተባሂሉ ዝግበር ጻዕሪ እዩ። ክሳብ ሕጂ እንተኾነ፡ ዝኾነ ርኡይ ተቓውሞ ኣጋጢምዎ ኣይፈልጥን።

ኣብ ከበሳ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣመንቲ ክርስትና፡ ንምውት ዝግበር ጽንብላት ንንውሕ ዝበለ መዓልታት ዝኸይድ እዩ። ብዝኾነ ጸገማት፡ ናይ መጓዓዝያ ይኹን ካልኦት መሰናኽላት፡ ካብ ቤተዘመድ እቲ ዝሞተ ሰብ ኣብ ቀብሪ ክውዕል እንተ ዘይክኢሉ፡ እታ ዓዲ ደጊማ ካልኣይ ቀብሪ ተዳሉ። ኣብ ክንዲ ሬሳ እቲ ዝሞተ ድማ፡ ዓራት ኣብ ቅርዓት ናይታ ዓዲ የንብሩ። እዚ ኹሉ እንተ ዘይተፈጺሙ፡ እቲ ሞት ከም ክቡር ሞት ኣይውሰድን። ብብዙሓት ኸኣ ይፍራሕ።

ገለ ሰባት፡ መንግስቲ ንገለ ካብዞም ናይ ጥንቲ ልምድታትን ባህልታትን ሕብረተሰብና ስለ ዝተናኸፎም ወይ ምሉእ ብምሉእ ስለ ዘዕነዎም ብቀጥታ ነቂፎሞ እዮም። ዝኸሪ መዓልቲ ሰማእታት ግን፡ ታቡ ወይ ነውሪ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ኩሎም ፖለቲካውያን ሓይልታት ኤርትራ፡ ብዛዕባ እዚ ዝኾነ ሕቶ እንተደኣ ኣቕሪብካ፡ ርኽሰት ከም ዝፈጸምካ ጌርም እዮም ዝርድእዎ። ርግጽ እዩ፡ ገለ ወገናት ንልክዕነት ነታ መዓልቲ ዝምልከት ጥርዓናትን ሕቶታትን የቕርቡ እዮም። እታ መዓልቲ፡ 20 ሰነ ክትከውን ኣይግብኣን ዝብል ጥርዓናት የቕርቡ እዮም። እዚኣቶም፡ ኢሰያስን ጋንትኡን፡ በቲ ንስልጣኖም ዘርብሖም መሰረት፡ ታሪኽ ደጊሞም ክጽሕፉ ስለ ዝደለዩ እዮም፡ እታ መዓልቲ 20 ሰነ ከም ትኸውን ጌሮም ዝብል እምነት ኣለዎም። እዚ ኸኣ ሓቕነት ዘለዎ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይ ‘ሲ፡ ኣብ ዓለምና ዝተራእዩ ዲክታቶራት ዝተጠቕምሉ ሜላን ኣገባብን ስለ ዝኾነ።

ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ ሓደ ኣብ *ዓዋተ* ዝጽሕፍ ጸሓፋይ፡ ሽምዓ ምብራህ ክርስትያናዊ ጽልዋ ዘለዎ ምኻኑ ዘረድእ ኣርእስቲ ኣልዒሉ፡ ነዚ ወግዓዊ ጽምብል በዲህዎ ከምዝነበረ ይዝክር። ዓዋተ ብወገና ብዛዕባ እቲ ወግዓዊ ጽብል ዝኾነ ቃል ከይሃበት ሰገረቶ። ከምቲ ናይ ወትሩ ዕማማ፡ ኣብ ምቕላዕ እቲ ስርዓት ዝፍጽሞ ዘሎ ጃምላዊ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ጥራይ ከኣ ኣተኮረት። ነዚ ዝተረድኡ ሰዓብቲ እቲ ስርዓት፡ ከም ወትሩ ኣብ ልዕሊ ዓዋተ ቃላዊ መጥቃዕቶም ከውሕዙ ጀመሩ።

ኣብ ፈለማ እዋናት ገድሊ፡ ሞት ተጋደልቲ ብኽልቲኤን ውድባት ብዝተፈላለየ ኣገባብ እዩ ዝተሓዝ ኔሩ። ጀብሃ ንቀረባ ኣባል ቤተሰብ እቲ ዝሞተ ናይ ምንጋር ኣመል ኔሩዋ። ብሰንኪ ሓያል መጥቃዕቲ ካብ ሰራዊት ደርግን ሡናት ሓድ ሕድን ግን፡ ቁጽሪ ዝሞቱ ተጋደልታ ካብ ዓቀን ንላዕሊ ምስ ኮነ፡ ንቤተሰብ ምሕባር ኣቛሪጻቶ። ህዝባዊ ግንባር በቲ ሓደ ሸነኽ፡ ፍጥር ካብ ትብል፡ ሞት ተጋደልታ ካብ መቕርቦምን ቤተሰቦምን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ካብ ምሉእ ሰራዊታ’ውን ብምስጢር እያ ትሕዞ ዝነበረት። ኣጣራጣሪ ሞት እቲ ህቡብ መራሒ ህዝባዊ ግንባር ኢብራሂም ዓፋ ከኣ፡ ኣብዚ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

ኣብ ናይ ገድሊ ዓመታት፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ብሻቅሎት ደቆም ዝተዋሕጡ ስድራቤታት ምስ ትሕተት፡ ትህድዶም፣ ተፈራርሐምን፣ ሓበሬታ ካብ ምሃብ ድማ ፍጹም ትሕንግድ ኔራ። ኣደናገርቲ ከም ኣመሎም፡ ሕንከት ዘይብሉ ሓሶት ካብ ምንዛሕ ከኣ ዝቑጠቡ ኣይኮኑን። ንብዙሓት ካብቶም ዝሞቱ፡ ብህይወት ከምዘለውን፡ ኣብ ካልእ ቦታ ድማ ተወዚዖም ከም ዝሰርሑ’ያ ህዝባዊ ግንባር ብቀጻሊ ትጠቅስ። መቸም ንዕቀት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ደረት ዘለዎ ኣይኮነን።

*ይቕጽል…*

# ኣብ መንደቕ ዝተለጠፈ ስእሊ እቶም ዝተሰወሩ
(ካልኣይ ክፋል)




*ድፍእ ኢለ፡ ኣብ እግሪ እቲ ሓራዲ*
*ኢለዮ "ወደይ"፡ ኢለዮ'ውን "መርዓድየይ"*
*እንታይ ክገብር ኢልኩምኒ፡ ኩሉ ተሓዋዊሱኒ*
*መን'ዩ እቲ ጅግና፡ መን'ዩ ኸ እቲ ቀታሊ፡*
*ግና'ኸ...እወ...ግና'ኸ*
*ክንድየናይ እሞ ከይግሃድ፡ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት...*

...*ኢላ ኔራ ሩስያዊት ሓና ኣክሞቶቫ* ኣብ 1937፡ *ነቲ ሓጺናዊ መግዛእቲ ስታሊን ንምግላጽ*

## ኣዴታት እቶም ዝተሸርቡ

ነበርቲ ኣስመራን ካልኦት ንኣሽቱ ከተማታት ኤርትራን መቸም፡ ኣብ 60ታትን 70ታትን፡ ኣዴታትና ዝወድየኦ ዝነበራ ሕብራዊ ናይ ጸጉሪ መንዲል ትዝክርዎ ትኾኑ። ኣድላይነት እዚ ፋይድኣዊ ልምዲ፡ በቲ ኣብ 80ታት ኣብ ዞባና ዝተኣታተወ ሓደሬ ዝተተክአ ይመስል። ነዚ ልምዲ እዚ ክዝክር ከለኹ፡ ነተን ደቀን፣ ኣሰብኡተንን መቕርበንን ዝተሰወሩ፡ ኣዴታት ፕላዛ ዲ ሞዮ ናይ ሃገር ኣርጀንቲና የዘኻኽረኒ። ኣሽሓት መንእሰያት ኣርጀንቲና፡ ኣብቲ *ረሳሕ ኲናት* (ወይ Dirty War) ተባሂሉ ዝፍለጥ መዋእል ኣርጀንቲና፡ በቲ ወትሃደራዊ ስርዓት እታ ሃገር ምስ ተሸርቡ፡ ኣዴታት ኣርጀንቲና ብፍርሒ ተዋሕጣ። ሱቕ ምባል ከኣ መረጻ።

ሒደት ካብ ኣተን፡ ማለት ልዕሊ ደርዘ ዝኸውን ቁጽረን ግን፡ ብምጥፋእ ደቀን፡ እቲ ስርዓት ሓላፍነት ክስከም ጸዊዐን። ብስም እቶም ዝጠፍኡ ደቀን ዝተረከመ ጻዕዳ መንዲል ወድየን፡ ኣብ ማእከል ከተማ ቦንስ ኣይረስ ዝርከብ ፕላዛ ዲ ሞዮ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቦታ፡ ኩል ግዜ ኣብ መዓልቲ ሓሙስ፡ ብዘይ ምቁራጽ ሰላማዊ ዑደተን ኣካይደን። እቲ ጨካን ኣርጀንቲናዊ ስርዓት ግን፡ በቲ ዘካይዳኦ ዝነበራ ተቓውሞ ኢዱ ኣጣሚሩ ክዕዘብ ኣይመረጸን። የግዳስ፡ ንገለ ካብተን ድኣ፡ ከም ዝስወራ ገበረ። እተን ዝተረፋ ግን፡ በቲ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ብጾተን ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣይረዓዳን። ድምብርጽ'ውን ኣይበለንን። ዑደተን ደኣ ቀጸላ። ቀስ ብቀስ ድማ፡ ኣወዳትን ኣሰብኡትን ክጽንበርወን ክኢሎም። ደገፍ ናይ ሰፊሕ ክፋል እቲ ሕብረተሰብን ማሕበረሰብ ዓለምን ድማ ክረኽባ ክኢለን። እቲ ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ተቀሪጹ ዝነበረ፡ እቲ ወትሃደራዊ ስርዓት ክምህ ዝብል ኣይኮነን ዝብል ግጉይ ኣተሓሳስባ እምበኣር፡ በቲ እተን ኣዴታት ዘንቀልኦ ሰላምዊ ተቓውሞ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ናጻ ህዝባዊ ባይታ ክኸፈት ስለ ዝኸኣለ፡ ኣብ መወዳእታኡ እቲ ስርዓት ፈርከሽከሽ ክብል ክኢሉ።

ትዕድልቲ ኣዴታት ኤርትራ መቸም፡ ካብቲ ኣብ እዋን ደርጊ ዘጋጥም ዝነበረ ተርእዮ፡ ኣዝዮ ዝኸፍኤ ምኳኑ ዝከሓድ ኣይኮነን። ላዕለዋይ ኣባል ደርግን ኣመሓዳሪ ኤርትራን ዝነበረ፡ ዳዊት ወልደግዮርጊስ፡ ኣብታ "ቀይሕ ንብዓት" ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ነቲ ከብድኻ

ዝበልፅ ዛንታ ተብዓት ኣዴታት ኤርትራ ይጽብጽብ። እተን ኣዴታት፡ ድሃይ ዝተሰወሩ ደቅን ንምፍላጥ፡ ዳዊት ሓበሬታ ንኽህበን ብቀጻሊ ዝጣርዓ ዝነበራ እየን። *"ደቅና ኣበይ ኣለው፡ ተቀቲሎም እንተ ኾይኖም ድማ፡ ክንቀብጽ ሓቂ ኣፍልጠና"* ብምባል ከኣ፡ ናብ ዳዊት ብዘይምስልካይ ሕቶኣን ከም ዘቕረባን፡ በቲ ዘይሕለል ትብዓተንን ሓልዮት ደቀንን ድማ፡ ዳዊት ወልደግዮርጊስ ውሽጣዊ ስምዒቱ ክትንከፍ ይዝክር።

ማእለያ ዘይብለን ኣዴታት ኤርትራ በቲ ሓደ ሸነኽ፡ በቶም ብኢድ *ገድሊ* ዝጠፍኡ ደቀን፡ ንዓሰርተታ ዓመታት ብሕት ኢለን ከም ዝበኸያን ከም ዝሓዘናን ብሰፊሑ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ መብዛሕትኡ እዋናት ከኣ፡ ጎኒ ንጎኒ ምስተን ኣብ ዓውደ ኹናት ዝወደቑ ደቀን፡ ነቢዓንን ሓዚነንን። ደይ ከምተን ንስርዓት ኣርጀንቲና ብትብዓት ዘቃልዐኦ ኣሕዋተን፡ ኣዴታት ኤርትራ ገና ኣብ ናይ ራዕዲ መንፈስን ከቢድ ስቅታን ተዋሒጠን ይርከባ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ካብቶም ኣብ ዓዋተን ኣሰናን ዝጽሕፉ ዜጋታት፡ ብዛዕባ እቶም ኣብ ገድሊ ዝተሰወሩን "ነፍሰ-ቅትለት" ፈጺሞም ዝተባህሉን ሰባት፡ ብዙሕ ጸብጻባት ይቀርበልና ኣሎ። ሓደ ካብዞም ተብዓት ዜጋታት፡ እቲ ብቀጻሊ ኣብ ዓዋተ ዝጽሕፍ፡ ሉይተና ኪዳነ እዩ። እቲ ንሶም ዘቕርብዎ ዘለው ጸብጻባት፡ ካብ ባሕሪ ማይ ብጭልፋ ጥራይ ምኻኑ ተሓቢሩ ኣሎ። ምንጪ ናይቶም ዝቀርቡ ዘለው ጸብጻባት ድማ፡ ካብ ተራ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር-ነበር ዝተረኽቡ እዮም።

ንድሕሪት ምስ እንምለስ፡ ካብ ክልተ ገዳይም ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር ዝቀረቡ ጸብጻባት ንረክብ። እቲ ሓደ፡ ብተኽለ ዓደን ዝቀረበ ገለ ሓቅታት ዘለዎ ጸብጻብ እዩ። ብዙሕ ኣቃልቦ ግን ኣይተዋህቦን። ተቀቢሩ ደኣ ተረፈ። እዚ ህቡብ በዓል-ስልጣን *ሓለዋ ሰውራ*፡ ቅድሚ ካብ ባቡር ሰውራ ዘሊሉ ምውጽኡ፡ ኣብ ሳሕል ከም ሓራዲ ሰብ ኮይኑ እዩ ኣገልጊሉ። ንኹሎም እቶም ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ዳሕረዎት ዓመታት ናይ 70ታት፡ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ተጋደልትን ሓረስቶትን ዝፈጸመቶ ግፍዕን ጭካነን፡ ኣብ ቅድሚ ናይ ደርጊ ማዕከናት ዜና ቀሪቡ ንዛዜ ከም ዝፈጸመ ብሰፊሑ ዝዝከር እዩ። ከም ናይ ተኽለ ዓደን ዝመሳሰል ዛንታ ዘለዎም ሰባት፡ ምስቶም ኣብ እዋን ስታሊን ኣዝዮም ዝጽልኡ ዝነበሩ ሩስያውያን፡ ያጎዳን የዝሆቭን፡ ብቀሊሉ ክነጻጸሩ ዝኽእሉ እዮም። በቲ ንሱ ዝሃቦ ቃል መሰረት፡ ኣብ ሰብዓታት፡ ኣማኢት ኣሽሓት ንጹሃት ተጋደልትን ሓረስቶትን፡ ብኢድ *ሓለዋ ሰውራ* ንኽቢድ ስቅያት ከም ዝተቃልዑን፡ ከም ዝተረሸኑን ይገልጽ። ንደርጊ ኢዱ ስለ ዝሃበ ግን፡ ኣብ ቅድሚ ኣባላትን ቲፎዞን እቲ ስርዓት፡ ምስክርነቱ ተቀባልነት ክረክብ ኣይከኣለን። ብዙሓት ድማ፡ *"እዚ ናይ ሓደ ከዳዕ ምስክርነት እዩ"* ብምባል ክነጽግዎ መሪጸም።

ድሕሪ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት እንተኾነ፡ ተኽለ ዓደን ዝመስከሮ ከም እንደገና ኣብ ቅርዓት ክወጽእ ተዓዚብና። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ብመገዲ ገዲም ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር-ነበር፡ ኣድሓኖም ገብረማርያም ዝቀርበ እዩ። ኣድሓኖም ምስክርነቱ ዝሃበ፡ ብተመሳሳሊ ድሕሪ ካብታ ጠቃር ባቡር ሰውራ ዘሊሉ ምውጽኡ እዩ። ካብ ናይ ተኽለ ዓደን ዘቕረቦ ጸብጻብ ድማ፡ ብዙሕ ዘፈላሊ የብሉን። እቶም ዑረት ልቢ ዝወሓጦም ደገፍቲ እቲ ስርዓት እንተኾነ፡ ንኣድሓኖም "ከዳዕ" ዝብል ስም ከጠምቕዎ ብዙሕ ግዜ ኣይወሰደሎምን።

## ምንጻግ ቛንቛ ገዛእ ርእስና

ኩሉም ዓይነት ሓደጋታት፡ መብዛሕትኦም እቲ ዘሎ ስርዓት መንቀሊኦም፡ ኣብ ሃገርና በብእዋኑ ክድርደሩ ጸኒሖምን ኣለውን። እቲ ካብ ህዝቢ ዝነቅል ቁጥዐን ነድርን እንተኾነ፡

ገና ክሳብ ሕጂ ምስቲ እቲ ስርዓት ዘውርዶ ዘሎ መዓት ዝዳረግ ኣይኮነን። በዚ ዝተበሳጨው ገለ ጸሓፍቲ፡ በቲ ኣብ ህዝቢ ሰፊኑ ዝርከብ ድንዛዘን ዕንዛዘን፡ ክግረሙን ከስተንትኑን ንዕዘብ ኢና። እቲ ምኽንያት ግን፡ ቀሊልን ንጹርን ክኸውን ድኣ ምስ ተገብአ።

እቲ ገና ከነስተውዕለሉ ዘይከኣልና ነገር፡ ነቲ ስርዓት ብመልክዕ ሃገራዊ ሓላፍነት ተጊህና ከነገልግሎ ምጽናሕና እዩ። እቲ "ናጽነት"፣ "ስውኣትን" ካልኦትን ዝብሉ ቃላት ዘጠቃልለ፡ ንሕናን እቲ ስርዓትን ሓቢርና ብተመስጦ እንጥቀመሉ መዝገበ ቃላት፡ ናይ ተቓውሞ ዓቅምታትና፡ ከምኡ'ውን ናይ ዘተን ልዝብን ክእለትና ካብ መጠን ንላዕሊ የዳኸሞ ምህላው ክንግዘብ ምስ ተገብአ። ንምኳኑ፡ እቲ ንጥፍኣትና ዝ ዓለመ ስርዓት ዶ ኣይኮነን፡ ሓቀኛ "መግለጺ" እዞም ብተመስጦ እንረቑሖም ቃላት፧

ብርግጽ፡ ነዚ ሕቶ'ዚ ብምስማዕካ ትስንብድ ትኸውን። ንጹህ ምኳንካ'ውን ክትገልጽ ህርዲግ ትብል ትኸውን። ብዘየገድስ እቲ ንስኻ ትህቦ ግብረ-መልሲ ግን፡ ሓደ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ቃልሲ ዘካይድ ዘሎ ሰብ፡ እቲ ካብኡ ፈጺምካ ዘይትጽበዮ ነገር፡ ካብቲ ኣዝዩ ዝጽላዕ ስርዓት ቃላት ምልቃሕ ወይ ናይቲ ስርዓት ቃላት ምጥቃም እዩ። እቶም መራሕቲ እቲ ስርዓት ዝጥቀምሎም ቃላት፡ ከምኡ'ውን እቶም ንሶም ዝመርሕዎም ወግዓውያን ጽንብላት ደጊምና ክንምርምሮም እንተ ንፍትንሲ፡ እቲ ናይ ኣተሓሳስባ ወይ ርእዮተ-ዓለም ለውጢ ኣብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያና ዝጠልብ ጻውዒት፡ ጻውዒት ጥራይ ኮይኑ ከም ዘይተርፍ ርግጸኛ እየ።

ኣብዛ ዝተረግመት መሬት መቸም፡ ኩሎም ዓይነት ናይ ጥፍኣት ራኢታት፡ ማለት ወራር፣ ውግእ፣ ስደት፣ ጥሜትን ሞትን ድሮ ተፈጺሞም እዮም። ቁጽሪ እቶም ብኢድ ገድሊ ዝጠፍኡ፡ ካብቶም ኣብ ዓውደ-ሖናትን ብኻልኦት ምኽንያታትን ዝጠፍኡ ይዛይድ እምበር፡ ዝንእስ'ሲ ኣይኮነን። ዕስክርና ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ፣ ግዱድ ዕስክርና መንእሰያትን ኣቅሽሽትን፣ ምቕፋድ ንጹሃት ወለዲን ካልኦትን፡ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ዝጸንሐ፡ ልሙድ ኣሰራርሓ እቲ ስርዓት እዩ። ብተወሳኺ፡ ካብ ሓረስቶት ብሓይሊ እኽሊ ምምንዛዕ፡ ካብ ቀድም ኣትሒዚ ብገድሊ ዝማዕበለ ኣሰራርሓ እዩ። ምዕጻው ዕዳጋታት እኽሊ፣ ኣብ ብሎኮታት ጸኒሕካ እኽሊ ምግባት፣ ዝያዳ እኽሊ ሒዙ ዝጸንሐ ሓረስታይ ድማ እኽሉ ምህጋር፡ ገለ ካብቶም ኣብዚ ሕጂ እዋን በቲ ስርዓት ዝፍጸሙ ዘለው ልሙዳት ተግባራት እቲ ስርዓት ኮይኖም፡ ኣብ ህዝቢ ድማ ዓቢ ሻቕሎት ፈጢሮም ይርከቡ።

ብዝኾነ፡ ካብቶም ስርዓት ኢሰያስ ዘውዓውዖም፡ ሰላማዊ መልክዕ ዘለዎም ዝመስሉ ወግዓውያን ጽምብላት፣ ልምድታትን ኣመላትን፡ ቖሪጽና ክንፋታሕ ክሳብ ዘይወሰንና፡ ተሓባበርቲ ናይ ኩሎም እቶም ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዝፍጸሙ ዘለው ገበናት ካብ ምኳን ዓዲ ኣይክንውዕልን ኢና። ኣብዚ መዳይ እዚ'ዩ እምበኣር፡ ካብቲ ካብ እዋን ገድሊ ኣትሒዙ ኣብ ልዕሌና ብሓይሊ ዝተጻዕነ ባህሊ፡ ሓራ ንኽንወጽእ ኢልና እንገብሮ ጻዕሪ፡ ኣገዳሲ ኾይኑ ዝርከብ። ኣብዚ፡ እቲ መበገሲኡ ካብ ገድሊን ኣመሓደርቱን ዝኾነ፡ ኣምርን መዓልትን ሰማእታት ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ነዚ ኣምር'ዚ ሃንጎፋይ ኢልካ ብልቢ ምቕባል ማለት፡ ነቲ ንጹህ ኣተሓሳስባ ሕብረተሰብና ምብራዝ እዩ።

ሓደ ጸሓፋይ፡ ነቲ ድሕሪ ማኦ ዘይዳንግ ዝተኸስተ ኩነታት ምሕደራ ቻይና ክነቅፍ ከሎ፡ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፦

*“ኩሎም ሓደ ዓይነት ስነ-ሓሳብ እዮም ዝኸተሉ፡ ንባህርያዊ ኣተሓሳስባ ደቂ ሰባት ከም ዝለምጽ ይገብሩ፡ ነቲ ድሕረ-ባይታ ሓደ ዓይነት ሰረት የንብርሉ፡ ነቲ መኸደኒ ብመቀረት ኣልቦ መግቢ ይልብጥዎ፡ ነቲ ማእከል ከተማ ኣጽፌሮም ይሕዝዎ፡ ንሰማይ ድማ ደጊሞም ሕብሪ ይቀብእዎ።”*

ይብል እቲ ጸሓፋይ ነቲ ሓጺናዊ ኮሙኒስታዊ መግዛእቲ ክገልጽ ከሎ።

ንሕና ድማ፡ ተቓወምትና ንኹን ደቂስና ዘለና ሰባት፡ ናይቲ ስርዓት ቛንቛ ንዛረብ እሞ፡ ዘይምዕሩይ፣ ዘይንጹርን ጋሕማጥን ኣተሓሳስባታት ንኸንውንን ንግደድ። እቲ ፍሉይ ካብኡ ዝወረስናዮ ጠባያትና፡ ሃሳይን ጎዳእን ፖለቲካዊ መርገጺ ንኸንወስድ ይድርኸና ምኺኑ ክንግንዘቦ ዛጊት ስለ ዘይከኣልና፡ ኣብቲ ታኼላ ተዋሒጥና ንኸንተርፍ ንግደድ።

ኣብ ልዕሊ ያታዊ ባህልናን ልምድናን መጥቃዕቲ ክዘንብ ከሎ፡ “ኡይ” ኢልና ኔርና እንተ ንኸውን፡ ናይ ህዝብና ነብሰ-ተኣማንነት ምጸንዓን፡ ክብ ከኣ ምበለ ኔሩ። ሎሚ ተመሊስና፡ ነቲ ስቅ ኢሉ ተማእዚዙ ዝኸይድ ዘሎ ህዝቢ፡ “እንታይ ኮይኑ እዩ ዘይለዓል፡ ወይ ገለ ዘይገብር” ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። እቲ ምንታይ’ሲ፡ ህዝባዊ ማሕበራቱን ያታዊ ባህሉን ብስልታዊ ኣገባብ በብእዋኑ ክጥቐዑ ከለው፡ ኣንጻሩ ዝተዘርበን ዝተገብረን ነገር ስለ ዘየለ። ነዚ ጉዳይ ብኣግኡ፡ ዕሙት ኣረኣእያ፣ የዋህነትን ሸነልትነትን ኣወጊድና፡ ኣውያትን ሓያል ተቓውሞታትን እንተነካይድ ኔርና፡ እዚ ሎሚ ብገሊኦም ዝቀርብ ዘሎ “ቅዋም ኣብ ግብሪ ይውዓል” ዝብል ጻውዒት ኣገዳስነት ኣይምሃለዎን ኔሩ። ብርግጽ፡ ወርቃዊ ግዜና ባዕልና ኢና ኣባኺንናዮ።

እቲ ኣሸሓት ንጹሃት ናይ ምውሓጥ ኣመል ዘለዎ ገዚፍ ሸውሃት ናይዞም ኣብ ኣስመራ ዝርከቡ ንኣሽቱ ጣኦታት፡ መንቀሊኡ ካብቲ ዕሙታትን ምእዙዛትን ኮይና፡ ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ሕቶ ዝፈጸምናዮ መስዋእቲ ናይ ቀረባ ታሪኽና፡ ዝብገስ እዩ። እቲ ስርዓት፡ ንጋዜጠኛ ድምጺ ኣሜሪካ፡ “ቃንዛን ሓዘንን ኣዴታት ኤርትራ ንዓለም ኣቃሊሕካ” ብምባል ክኣስሮ ከሎ፡ ስቕ ኢሉ ካብ ባዶ ተበጊሱ ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣይነበረን። እንታይ ደኣ፡ ንሕና ጽቡቕ ጌርና ስለ ዘልመድናዮ እዩ። እወ…ንዓሰርተታ ዓመታት፡ ብምጥፋእ ኤርትራውያን፡ ኣብ ውግእ ይኹን ኣብ ካልእ ቦታታት፡ እዚ ስርዓት ‘ዚ ሓላፍነት ንኽስከም ዓው ኢልና ጸውዒና ጭራሽ ኣይንፈልጥን፡ ዋላ’ኳ እቲ ኹነታት ከምኡ ንኸንገብር ኣዳዕዲዑ ዝጠልብ እንተነበረ።

ነቲ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ባህሊ ሕብረተሰብና፡ ማለት ጽምብል ክቡር ሞት፡ ብመዓልቲ ሰማእታት ክንቅይሮ ፍቃደኛታት ምስ ኮንና፡ ተክኢሻናት ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ እቲ ስርዓት ኮይና ከም ዘገልገልና ክዝጋዕ ኣይግባእን። በዚ ምኽንያት’ዚ ኸኣ፡ ኣብ ምብሕጓግን ምጥፋእን ባህላውን ማሕበራውን ሃብቲ ሕብረተሰብና፡ ብማዕረ ተሓተቲ ምኻንና ክንጸር ይግብእ። እቲ ስርዓት፡ “ኣዴታት በቶም ኣብ ውግእ ዝሞቱ ደቀን ዓሊለን” ዝብል መግለጺ ክፍኑ ከሎ፡ ኣኸሊሉ ሰለሙን ግን፡ ነዚ መግለጺ ዝጻረር ሓቀኛ ሓበሬታ እዩ ንዓለም ነጊሩ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ፡ እቲ ስርዓት ቐፊድዎ። እቲ ምንታይ’ሲ፡ ከምዚ ዓይነት ስነ-ምግባር ዝጎደሎ ተግባራት እቲ ስርዓት ንክፍጽም፡ ድሮ ኣልሚድናዮ ስለ ዝጸናሕና።

ካብቲ እቲ ስርዓት ዝዘርግሖ “ኣዴታት ብሞት ደቀን ዓሊለን” ዝብል ረሳሕ መግለጺ፡ ብቀሊሉ ካብ ገበን ሓራ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። ከመይ፡ ንሕና ንባዕልና ውን በዚ ኣጸያፊ ተግባራት ብማዕረ ተሓተትቲ ስለዝኾንና። እቶም ዝሓየሉ ኣጽዋራት እቲ ስርዓት፡ “ልኡላውነት ሃገርን” “ጸጥታ ሃገርን” ዝብሉ ሓረጋት ኮይኖም እዮም ጸኒሖም። እዞም

ሓረጋት እንተኾኑ፡ ካብ ሕጂ ንንዮው ቅቡላት ምኽንያታት ክኾኑ ፍጹም ኣይክእሉን እዮም። ርዝነቶም ድማ ድሮ ንሰማይ ገጹ ሃፊፉ እዩ። “ንስውኣት” ዝምልከት ሕቶ ምቅራብ’ውን፡ ካብ ሕጂ ንንዮው ከም ርኽሰት ክውሰድ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ኣራኻሲ ነገርሲ፡ ነቲ ወግዓዊ ጽንብል ምድላውን፡ ኣብኡ ኽኣ ምስታፍን እዩ።

ብዙሓት ኣዴታት “ንዝተሰውኡ” ደቀን ንምዝካር፡ ኣብቲ በቲ ስርዓት ዝዳለው ጽንብላት ንኽሳተፉ ይሕተታ እየን። ኣሽሓት ካብ ኣተን፡ እቶም ዝሞቱ ደቀን ካብ ሕቑፈን ብሓይሊ ተጨውዮም ዝተወስዱ እዮም። ግና’’ኸ ብዛዕባ ሃለዋት ደቀን ዝምልከት ሕቶ ከልዕላ፡ ገና ኣይከኣላን ዘለዋ። ኣብ ፍሪሒ ተዋሒጠን’የን ዝርከባ። ገለ ካብዘን ኣዴታት፡ ኣብቲ ዓመታዊ በቲ ስርዓት ዝካየድ ዝኽሪ ክሳተፉ ክትርእየን ከለኻ መቸም፡ እቲ ጉዳይ ማዕረ ኸንደይ ስጊንጥራዊ ምኻኑ ንኽትርዳእ ዘጸግም ኣይኮነን። ካብዚ ሓሊፉ፡ እቲ ፈጺሙ ይቅረ ዘይብሃሎ ጉዳይ፡ ነቲ ሃብታምን ጥንታውን ባህሊ ሕብረተሰብካ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ የእቲኻ፡ ነቲ በቲ ጨቛኒ ስርዓት ዝዳሎ ናይ ሓሶት ዝኽሪ ምምራጽ እዩ። እወ…ነቲ ናይ ውግእ ሽውሃት እቲ ስርዓት መመሊሱ ዘግፍሕ ናይ ሓሶት ዝኽሪ።

*ይቕጽል…*

# ኣብ መንደቕ ዝተለጠፈ ስእሊ እቶም ዝተሰወሩ

## (ናይ መወዳእታ ክፋል)



*ድፍእ ኢሉ፡ ኣብ እግሪ እቲ ሓራዲ*

*ኢለዮ “ወደይ”፡ ኢለዮ‘ውን “መርዓድየይ”*

*እንታይ ክገብር ኢልኩምኒ፡ ኩሉ ተሓዋዊሱኒ*

*መን’ዩ እቲ ጅግና፡ መን‘ዩ ኸ እቲ ቀታሊ፡*

*ግና’ኸ…እወ…ግና’ኸ*

*ክንድየናይ እሞ ከይግሃድ፡ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት…*

…ኢላ ኤራ ሩስያዊት ሓና ኣክሞቶቫ ኣብ 1937፡ ነቲ ሓጺናዊ መግዛእቲ ስታሊን ንምግላጽ

## ለበዋ ናብ ኣዴታት ኤርትራ

እቲ ኣብ ውሽጥና ዝስመዓና ሓዘን ብዛዕባ እቶም ዝጠፍኡ መቅርብና እንገልጸሉን፡ ሓቀኛ ዝኽሪ ‘ውን እንፍጽመሉ ናጻ ዝኾነ ፍሉይ ህዝባዊ ባይታ እንፈጥረሉ መድረኽ ኣኺሉ እዩ። መብዛሕትና፡ ምስታፍን ምውድኻዳኽን ናይቶም ኣብ ትሕቲ እቲ ስርዓት ድፋጭኦም ዝሰተዩን ዕድመ ንእስነቶም ንኽንቱ ዝበለየን መንእሰያት፡ ኣብ ፈስቲቫላትን ካልኦት ወግዓውያን ጽንብላትን እዚ ስርዓት ክወሓጠልና ስለ ዘይከኣለ፡ ካልእ ፍታሕ ክኸውን ዝኽእል ኣማራጺ ክናደ ኣለዎ ዝብል እማመ ኣቕሪብና ኢና። ብተመሳሳሊ፡ እተን ጉሁያት ኣዴታትና ሓዘነን ክገልጻሉ ዘኽ እለን ናጻ ህዝባዊ ቦይታ ምንዳይ ድማ ማዕረ

ማዕሪኡ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኩነት’ዚ፡ ንሓንቲ ኣብ መሬት ሓበሻ፡ ኣብ 20 ክፍለ ዘመን ዝተሳእለት ስእሊ የዘክረኒ።

እቲ ስእሊ፡ ኢድ ናይ ሓደ ሰብኣይ ምስ ናይ ካልእ ሰብኣይ ጉምቦ ኢድ ብመቑሕ ተኣሲሩ ዘርእይ እዩ። ነቲ ስእሊ ምስ ረኣኻዮ፡ ክልቲኦም ኣሰብኡት፡ ገበን ዝፈጸሙ እዮም ኣብ ዝብል መደምደምታ ትበጽሕ ትኸውን። ነቲ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይቲ ስእሊ ተጻሒፉ ዝርከብ ጽሑፍ ምስ ኣንበብካዮ ግን፡ ብጣዕሚ እዩ ዝድንጽወካ። እቲ ሓደ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ንኽዳነ ዝወሰነ ኣለቃሓይ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣዩ ድማ ግብኡ ዘይፈጸመ ተለቃሓይ እዩ። በዚ መቸም፡ ፍትሒ ተቀቲሉ ኢልና ንዛረብ ንኸውን። ግና’ኸ፡ ኣብ ማእከላይ ዘመን፡ ኣብቲ ናይ ቀደም መሬት ሓበሻ ወይ ኢትዮጵያ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ ዞባ፡ ብመሰረት እቲ ሽዑ ዝስርሓሉ ዝነበረ መስርሕ ፍትሒ፡ ኣለቓሓይ ክብሪ ይንፈጎ ኔሩ። ንግዳዊ ውዕል ምፍጻም ድማ፡ ኣዝዩ ፋንፉን እዩ ዝነበረ። እተን ዝተጎድኣ ኣዴታት ኤርትራ፡ ዓመት መጸት ምስቲ ቀታሊ ደቀንን ኣሰብኡተንን መቕርበንን ዝኾነ ገበናዊ ስርዓት ሓቢረን ጽምብል መዓልቲ “ሰማእታት” ከኽብራ ከለዋ ክትዕዘብ ከለኻ ኸኣ፡ ነቲ ኣብቲ ናይ ጥንቲ መሬት ሓበሻ ዝፍጸም ዝነበረ መስርሕ ፍትሒ የዘኻኽረካ። ኣብዚ ሕጂ እዋን እንተኾነ፡ እቲ ተዓዳዩ ምስቲ ዕዱይ ክመሳሰልን ብሓደ ክቁረን ዘይሕሰብ እዩ። ኣጸያፊ እዩ ኸኣ። እተን ዝተጎድኣ ኣዴታት ኤርትራ ምስቲ ስርዓት ብምትሕብባር ዝፍጽምኦ ዘለዋ ዝኽሪ እሞ ኸኣ፡ ኣጸያፊ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብዕልግናን ንዕቀትን ኣብ ልዕሊ እቶም ዝተሰወሩ ደቀን ‘ውን እዩ።

ነተን ብሓዘን ተዋሒጠን ድሮ ካብዛ ዓለም ብሞት ዝተፈልያ ኣዴታት ኤርትራ፡ ግዜ ሓሊፍወን ክኸውን ይኽእል እዩ። ነተን ክሳብ ሕጂ ብህይወት ዘለዋ ኸኣ፡ እቲ ሓቀኛ ምኽንያት መጥፊኢ ደሃይ ደቀን እንታይ ምኳኑ ንምፍላጥ ዘኽእለን ባይታ ዛጊት የብለንን። እቶም ክብሪ ዘለዎም ኣብ መንደቅ ዝተለጠፉ ስእልታት እንተኾኑ፡ ምስ ግዜ ቀለሞም እንዳ ሃሰሰ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ምስ እርጋን፡ ዓይኒ ይጠልም። ሞት ከኣ ይስዕብ። በዚ ኣገባብ እምበኣር፡ እቲ ገበናውን ምስጢራውን ስርዓት፡ መመሊሱ ይሕይል፡ ዝያዳ ገበናት ንኽፍጽም ድማ ይተባብዖ። ከመይ፡ ናይ ተግባራቱ ሓላፍነት ንኽወስድ ዝቀሰቦ ኣካል ዛጊት ስለ ዘየለ።

ክቡራት ኣንበብቲ፡ እቲ ኣና ኣክሞቶቫ ኣብ 1937 ዝበለቶ ደጊምና ክንምርምሮ የድልየና ኣሎ።

*ድፍእ ኢለ፡ ኣብ እግሪ እቲ ሓራዲ*

*ኢለዮ “ወደይ”፡ ኢለዮ‘ውን “መርዓድየይ”*

*እንታይ ክገብር ኢልኩምኒ፡ ኩሉ ተሓዋዊሱኒ*

*መን’ዩ እቲ ጅግና፡ መን‘ዩ ኸ እቲ ቀታሊ፡*

*ግና’ኸ…እወ…ግና’ኸ*

*ክንድየናይ እሞ ከይግሃድ፡ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት…*

እዘን ውሕዳት ቃላታ፡ ንትሕዝቶ ነታ “ኣደ” ዘርእስታ መጽሓፍ ምሉእ ብምሉእ የፍርሳኦ። ንጸሓፊ እታ መጽሓፍ፡ ማክሲም ጎርኪ፡ ኣብ ሓደ እዋን የድንቖ ኔይረ። ጎርኪ ኣብ ጽሑፉ ነታ ሃይማኖታዊትን ሸቃሊትን ሩስያዊት ኣደ፡ ፐለህኖቫ፡ ከም ሓቦኛን ሰራሒት ቅያን ኣደ ጌሩ’ዩ ዘቕርባ። ምስሊ እዛ ኣብ ቖራሪ ክሊማ ሩስያ ዝነበረት ለዋህ ኣደ መቸም፡ ካብ ኣእምሮይ ብቀሊሉ ዝሃስስ ኣይኮነን። ፐለህኖቫ ካብ በራድ ሻሂ ፍጹም ርሒቃ ኣይትፈልጥን። ነቶም ወዳ ዝርከቦም፡ ኣብ ቤታ ምስጢራዊ ሽርሕታት ዝኣልሙ ዝነበሩ

ሰውራውያን መንእሰያት ድማ፡ ወትሩ ሻሂ ተዳልወሎም ኔሩ። ሓደገኛ ኣቃውማ ናይዞም ኣብ ቤታ ዘጽልሉ ዝነበሩ ሰባት ግን፡ ይርደኣ ኔሩ ኢልካ ክዝረብ ኣይከኣልን። እቲ ሶውራ ‘ቲ እንተኾነ፡ ነቲ ጸጋታት ስድራ ቤትን ኣገዳሲ ተራ ኣዴታትን ምሉእ ብምሉእ ዘዕነወ ምልካዊ ስርዓት ቦልሸቪክ ናብ ስልጣን ዘምጽኤ እዩ። ኣዴታት ኤርትራ ድማ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ልክዕ ከምዚ ናይዛ ሩስያዊት ኣደ፡ ፐለህኖቫ ‘ዩ ኣጋጢምወን፡ ዘጋጥመን ‘ውን ዘሎ። ገና ክሳብ ሕጂ እንተኾነ፡ብዛዕባ “ፍሉይነት” ሃገርና ሃህ ኢልና ደጋጊምና ከነዘንቱ ባህ ይብለና። ንፍልዩነትን ክብርን ቤተሰብን ቖልዑን ግን፡ ክንዛረበሉን ክንነብረሉን ዛጊት ፍቃደኛታት ኣይኮናን። ነዚ መሰረታዊ ነገር ገዲፍና ኸኣ፡ ነቲ መጻዩ ስርዓት ክንሰግደሉን ዝያዳ ክብሪ ክንህቦን ንመርጽ።

ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ኣማራጺ ክኸውን ዝግብኦ ከቅርብ ባህ እብለኒ። ብወገነይ ነቶም ሒደት ቃላት ኣና ኣክሞቶቫ ዓሰርተ ሻዕ ክንደጋግሞ ይመርጽ። ቃላታ ድማ፡ ብቅጽበት እኳ እንተዘይበልኩ፡ ቀስ ኢሉ ግን፡ ነቲ *ቀታልን ሓራድን ወለዶና* ዝረግም ምኽኑ ክንጽረልና እዩ። ስለዝስ፡ ኤርትራዊት ኣደ ነቲ ናይ ቀደም *ብርክኹም ይጽናዕ* ዝብል ምረቃኣ ሲሒባ፡ ሎሚ ዓው ኢላ *ብርክኹም ይሰበር* ኢላ እንተ ትራገም ‘ሲ፡ ሓደ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ፡ ምነቀፋ ‘ዶ፧